Restaurang- och livsmedelsprogrammet



2011-02-24

# ፕሮግራም ሬስቶራንትን መግብን

TIGRINJA

Utbildningsinfo

Skolverket

ፕሮግራም ሬስቶራንትን መግብን ናብ ሞያዊ ዲፕሎማ ዚመርሕ ፕሮግራም ሞያ እዩ፣.

ፕሮግራም ሬስቶራንትን መግብን። ናብቶም ብኣሠራርሓ መግብን። ምስሳይን። መፍረ - መግብን ኪሠርሑ ዚደልዩ ዚቐንዐ’ ዩ፣

ነዚ ፕሮግራም’ ዚ ዛዚምካ። ወይ ብቐጥታ ሥራሕ ትጅምር ወይ ከኣ ትምህርትኻ ኣብ ኮለጅ ሞያ ክትቅጽል ትኽእል፣ ትምህርትኻ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትቅጽል’ ውን ኮርሳት ክትመሃር ትኽእል ኢኻ፣

## ሰለስተ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት

### ምስንካት ኅብስትን ፓስቲቸርያን

- ኣብ ምስንካት ህብስትን ፓስቲቸርያን ዘሎ ጥበብ ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት’ ዚ። ከም ሰንካትን። ሠራሕ ምቁር ህብስትን ሥራሕ ክትረክብ ዕድል ይህበካ፣

### ሃለኽቲ መግብታት። ክቡራት መግብታትን (ደሊካተስ): ምስሳይን

- ብዛዕባ መግቢ። ሽቐጥ። ዘይተኸሸነ መግቢ። ኣሠራርሓ መግቢ። መስተ። ኣቀራርባ መኣዲ። ኣቀራርባ መግብ (ኣብ ሽሓኒ) ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት ፕሮግራም’ ዚ። ኣብ ደኳኩን ሃለኽቲ ምግብን ክቡራት መግብን (ደሊካተስ) ክትሠርሕ ዕድል ይህበካ፣

### ክሽነን ምስሳይን

- ብዛዕባ ኣሠራርሓ መግቢ ሬስቶራንትን። ምስሳይን ሥራሕ ቤት መስተን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት ፕሮግራም’ ዚ። ከም ከሻኒ። ኣሰላፍን ክትሠርሕ ዕድል ይህብ፣

## ኣብዚ ፕሮግራም እትመሃሮም ነገራት

ብዛዕባ ባህላውያንን። ዘመናውያን ኢደ - ጥበባውያን ኣገባባት መፍረ ምግቢ። ኣሠራርሓ መግቢ። ምስሳይ። መግብታት ብሓፈሻ። ሽቐጥ። ኣገልግሎት። ጽሬት። ሥነ - መግቢ። ፍሉያት መግብታትን ምስሳይ ኣልኮላውያን መስተታትን ትመሃር፣ ብዛዕባ ውጥን። ኣወዳድባ። ቍጠባን። ትካል ምክያድን ትመሃር፣ ኣብ ኣቀባብላ ዓማዊልን ኣወሃህባ ኣገልግሎትን ዘሎካ ብቕዓት ተማዕብል፣

ኣብዚ ፕሮግራም’ ዚ። ዓቢይ ሚዛን ዚወሃቦም እቶም ኣብ ምህናፅ ምሉእ ጥዕናን ምክልኻል መጕዳእቲ - ሥራሕን ዘገድሱ ሕቶታት ሃዋህው ሥራሕ’ ዮም፣

## ኣሠራርዓ ናይ’ ዚ ፕሮግራም ከም’ ዚ ዚስዕብ ይመስል

ኣብ ፕሮግራማት ሞያ። እቶም ሓባራውያን ዓይነታት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እዞም ዚስዕቡ እዮም። እንግሊዝኛ። ታሪኽ። ስፖርትን ጥዕናን። ሕሳብ። ሳይንስ። ትምህርቲ ሃይማኖት። ማኅበራዊ ሳይንስ። ሽወደንኛ ወይ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ፣ ኣብ ፕሮግራማት ሞያ። ሓያሎ ትምህርትታት ሞያ ማለት ምስቲ ሞያ ፍሉይ ዝምድና ዘለዎም (ካራክተሽኤምነን ዚበሃሉ) ትመሃር፤ እቶም ኣብ መባእታዊ ትምህርቲ እትመሃሮም ዓይነታት ትምህርቲ ኸኣ ይንከዩ፣ ምስ ፕሮግራም ዚዛመዱ ሓባራውያን ዓይነታት ትምህርቲ (ካራክተሽኤምነን) እዞም ዚስዕቡ እዮም። - ትምህርቲ ጽሬት። ትምህርቲ ስንቅን መግብን። ትምህርቲ ብልዕን ጨንፈር - መግብን ከምኡ’ ውን ኣገልግሎትን ኣቀባብላን’ ዮም፣ ኣብዚ ፕሮግራም ብፍሉይ ክእለት ክትውሕልልን። ፍልጠትካ ከተግፍሕን ዕድል ኣሎካ፣ ትምህርቲ ምዕማቕኡ ድማ ይበሃል፣ ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወኪስካ ብዕምቈት ክትመሃሮም ትኽእል ዓይነት ትምህርትታት ዚውፍዩ እንተ ኾይኖም ኣረጋግጽ፣ ዝደለኻዮ ዓይነት ትምህርቲ ክትመሃር ዘኽእል ውልቃዊ ምርጫ’ ውን ኣሎካ፣ ኣየናት ኮርሳት ከም ዘለዉ ክትፈልጥ። ኣብታ ቤት ትምህርቲ ሕተት፣

## መልክዓት ሥራሕ

ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ። ጾታ። ባህላዊ ድኅረ-ባይታ። ዕድመ። መዓርግን ብቕዓትን ብዘየገድስ። ምስ ካልኦት ሓቢርካ ክትሠርሕ ትመሃር፣ ተበግሶ ክትወስድ። ተዓጻጻፊ። ትኩር። መሃዝን ክትከውንን። ርእስኻ ክኢልካ ክትሠርሕን ትመሃር፣ ብተወሳኺ። መደብ ተውጽእ። ዚመደብካዮ ሥራሕ ትዓምምን። ትስንድን ብዘመናዊ ኣገባብ ከኣ ዓይነቱ ተረጋግጽን፣

## ሥራሕ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ (ዱምናሴኣርበተ)

ኣብ መዛዘሚ ፕሮግራም ሬስቶራንትን መግብን። በቲ ዚመረጽካዮ ሞያ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሥራሕ ክትዓምም ኢኻ፣ ኣብዚ ሥራሕ'ዚ። በቲ ዝተመሃርካዮ ሥራሕ ንኽትጅምር ዘኽእለካ ፍልጠት ከም ዚቐሰምካ ተርኢ፣

## ኣብ ሥራሕ ዝተወዝዐ ትምህርቲ

ሓደ-ሓደ ክፋላት ናይ'ዚ ትምህርቲ እንተ ወሓደ ን 15 ሳምንታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ-ሥራሕ ይካየድ፤ ኣብ ሥራሕ ዝተወዝዐ ትምህርቲ (ኣርቤትስፕላትስፎርላግት ለራንደ APL) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። እዚ ኸኣ ኣገዳሲ መዳይ ናይ'ዚ ትምህርቲ'ዩ። ኣብ APL ብምንጣፍካ ተሞክሮታት ትቐስም፤ ብተወሳኺ'ውን ድሒርካ ሥራሕ ኣብ እተናድየሉ ህሞት ዚጠቕመካ ርክብን ሌላታትን ተጥሪ።

## ትምህርቲ ተልመደን

ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ-ተልመደን (ለርሊንስኡትቢልድኒን) ምምራጽ ይከኣል'ዩ፣ እዚ ማለት ድማ። ሓደ ዓይነት ትምህርቲ እንዳቐሰምካ። እንተወሓደ ፍርቂ ክፋል ትምህርትኻ ኣብ ሓደ ወይ ሓያሎ ቦታታት ሥራሕ ተሕልፎ፣

## ክትሓስበሉ ዘለካ

መሠረታዊ ብቕዓት ትምህርቲ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ኪህልወካ ድላይ እንተሎካ። ኣቐዲምካ መደብ ትምህርቲ ከተውጽእ ኣገዳሲ'ዩ፣ ከምኡ እንተ ኾይኑ። ውልቃዊ ምርጫኻ (ኢንድቪድዌላ ቫለት) ተጠቐምካ። ፕሮግራም ኣግፊሕካ ምምሃር ከድልየካ'ዩ፣ ተወሰኽቲ ክልተ ኮርሳት ሽወደንኛ ወይ ከኣ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን እንግሊዝኛን ምምሃር ከድልየካ'ዩ፣ ትምህርቲ ክትቅጽል መደብ እንተሎካ። ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን (ስቱድየቬግሌዳረ) ረኺብካ ኣዛርብ፣

ብስም ውልቃዊ ምርጫ (ኢንዲቪዱወላ ቫል) ተወሳኺት ኮርስ ካብ ስፖርትን ጥዕናን ከምኡ'ውን ሓንቲ ኤስተቲካዊት ኮርስ ክትመርጽ ኩሉሳዕ መሰል ኣሎካ፣